## ዜና 24 ሐምለ 2007

## ኣብ ሱዳን ተታሒዞም ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ከይጥረዙ ጻዕርታት ይካየድ

ኣብ ሱዳን 300 ዝበጽሑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ቀረባ መዓልታት ብዝተኻየደ ግፋ ብኣባላት ጸጥታ ሱዳን ተታሒዞም ኣብ ቤት ማእሰርትታት ከምዝርከቡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ይሕብር።

እቶም ስደተኛታት ናብ ኤርትራ እንተድኣ ተጠሪዞም ልክዕ ኸምቶም ካብ ሊብያን ማልታን ተመሊሶም ግዳይ ማእሰርትን ቅትለትን ከምዝኾኑን ሰበ ስልጣን ሱዳን ነቶም ተታሒዞም ዘለዉ ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ከይመልሱዎም ሓጅ ዓብደል ኑር ዝተባህለ ሓላፊ ህዝባዊን ማሕበራውን ጉዳያት ኣብ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ቀዳማይ ወገን ተማሕጺኑ።
እቶም እሱራት ክሳብ ሕጂ ኣብ ቤት ፍርዲ ኣይቀረቡን።

## ግንባር ሓርነት ኦጋዴን ኣብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ክምጽእ ንዝኽእል ናይ ጥሜት ሓደጋ የጠንቀቐ

ግንባር ሓርነት ኦጋዴን ኣብ ክልል ኦጋዴን ሓደጋ ጥሜት የንጸላሉ ከምዘሎን መንግስቲ ኮነ ኢሉ ሓገዝ ናብቲ ዞባ ንኸይለኣኽ ከምዝኸልከለን ገሊጹ ክብል መርበብ ሓበሬታ ሲኤንኤን ሓቢሩ።

እቲ ውድብ ብተወሳኺ ኸምዝበሎ ከምሳዕቤን ናይዚ፡ ብድርቂ፡ ብዙሓት ሰባት ሂወቶም ኣብ ሓደጋ ከምዘሎን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነዚ ክምርምርን ጸዊዑ።

ግንባር ሓርነት ኦጋዴን ንልኣላውነት ምብራቓዊ ክፋል ኢትዮጵያ ዝቃለስ ወድብ'የ ይብል፡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ግና ከም ኣሸባሪ ውድብ እዩ ዝፍለጥ።